# ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ተወሳኺ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣሲሮም

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 25.05.2006

ስርዓት ኣስመራ፡ ብሰሉስ ዕለት 22 ግንቦት 2005 ተወሳኺ ሓደ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣሲሩ። ነዚ ኣመልኪቱ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ተቓውሞኡ ንሰበ-ስልጣን ኤርትራ ምግላጹ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ካብ ኣስመራ ሓቢሩ።

ሙሲ ኩማሎ፡ ቃል ውሃቢት ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ (UNMEE) እዚ ብሰሉስ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛ እቲ ልኡኽ ዝኾነ ኤርትራዊ እተፈጸመ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ፡ ድሕሪ'ቲ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ዝተኣሰሩ 11 ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ልኡኽ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምፍታሑ ምኻኑን፤ ሕጂ ቁጽሪ ናይ እሱራት ሰራሕተኛታት እንደገና ናብ 11 ክብ ኢሉ ከምዘሎን ገሊጻ።

ቀጺላ፡ መእሰሪኦም ምኽንያት ንምፍላጥ ብጽሑፍ ናይ ዘቕረብናዮ ተቓውሞ፡ ክሳዕ ሕጂ ካብ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ዝተዋህበና መልሲ የለን፤ ክሳዕ እቶም እሱራት ሰራሕተኛታትና ዝፍትሑ ድማ፡ ኣውያትናን ኣቤቱታትናን ንሰበ-ስልጣን ኤርትራ ካብ ምስማዕ ኣየቋረጽናን ኢላ።